


# ናብ ኣጸደ ቆልዑ ብደሓን ምጹ

Børnehave_Tigrignia.indd 1 07-09-2018 13:41:57

# ክቡራት ወለዲ/ስድራቤት

ኣብዚ ብሮሸር፡ ኣብ ዴንማርኪ ውላድካ ኣብ ኣጸደ ቆልዑ ክውዕል ምግባር እንታይ ይመስል ዝብል ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣለኩም።

ንኣጸደ ቆልዑ ዝምልከት መወከሲ ሓበሬታ፡ ንመስርሕ ምጅማር ውላድኩም ዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ፡ እቲ ኣጸደ ቆልዑ ዝጅምረሉ ሰዓታት፡ መዓልታዊ ህይወት ናይቲ ኣጸደ ቆልዑ እንታይ ይመስል ዝብልን ኣገዳሲ ሓበሬታን፡ ኣብዚ ብሮሸር ሰፊሩ ይርከብ። ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ናይዚ ብሮሸር፡ ንእሽቶይ ሓረጋት ዝሓዘ መጽሓፍ ኣለኩም። እዚ መጽሓፍ፡ ምስቶም ክኢላታት ስነ-ምምህርና ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ናይቲ ኣጸደ ቆልዑ ክትዘራረቡ ክትደልዩ እንከለኹም፡ ክሕግዘኩም እዩ።

ውላድኩም ከተምጽኡ ወይ ውን ክትወስዱ እንከለኹም ውን፡ ብቐጥታ ምስ ሰራሕተኛታት ናይቲ ኣጸደ ቆልዑ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ንድሕነትን ምዕባሌን ውላድኩም ዝምልከት ሕቶታትኩም ንኽምልሱልኩም ወትሩ ድሉዋት እዮም።

ናብ ኣጸደ ቆልዑ ብደሓን ምጹ

**መወከሲ ሓበሬታ**

ሰራሕተኛታት

ክፍሊ ኣጸደ ቆልዑ

ቁጽሪ ስልኪ ኣጸደ ቆልዑ

መራሒ ስነ ምምህርናዊ ንጥፈታት

ተሓጋጋዚ ምውህሃድ ኣብ ሕብረተ ሰብ

# ስለምንታይ እዮም ቆልዑ ኣብ ኣጸደ ቆልዑ ክውዕሉ ዝተደልየ?

ኣብ ሃገረ ዴንማርክ፡ መብዛሕትኦም ቆልዑ ኣብ ኣጸደ ቆልዑ ይውዕሉ። እቲ ምኽንያት ናይዚ ከኣ፡ በቲ ሓደ ወገን ወለዶም ኣብ እዋን መዓልቲ ስራሕ ስለዝውዕሉ፡ በቲ ኻልእ ወገን ከኣ ቆልዑ ብመንገዲ ጸወታን ካልእ ንጥፈታትን ስለዝምዕብሉ እዩ።

ሰራሕተኛታት ናይቲ ኣጸደ ቆልዑ፡ ስነ-ምምህርናዊ ፍልጠት ዝዓጠቑእዮም።

ንደቕኹም ጽቡቕ ጌሮም ይከናኸንዎምን ንምዕባሌኦምን ድሕነቶምን ዝምልከት ውን ግንዛቤ ኣለዎም።

ውላድኩም ናብ ኣጸደ ቆልዑ ክትሰዱ እንከለኹም፡ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ዘድልዮም ምድላዋት ከጠናኽቑ ዕድል ትኸፍቱሎም።



Børnehave_Tigrignia.indd 3 07-09-2018 13:41:58



# ውላድኩም ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ክሳተፍ ምስ ጀመረ

ውላድኩም ኣብ ኣጸደ ቆልዑ ክሳተፍ ቀቅድሚ ምጅማሩ፡ ምስቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ ኣጸደ ቆልዑ ተራኺብኩም ክትዘራረቡ ኢኹም። ኣብቲ ኣኼባ፡ ውላድኩም መዓስ ኣብቲ ኣጸደ ቆልዑ ክሳተፍ ክጅምር እዩ ትውጥኑ። ሰራሕተኛታት ናይቲ ኣጸደ ቆልዑ ንውላድኩም ኣዕሙቑ ኣቢሎም ንኽፈልጥዎ የገድሶም እዩ። ስለኾነ ድማ፡ ብዛዕባ ድልየታትን ባህርን ውላድኩም ምስ እትሕብርዎም ኣዝዩ ሓጋዚ ኮይኑ ይረኽብዎ። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ እቶም ሰራሕተኛታት ኣስተርጓሚ ኣዳልዮም ክጸንሑኹም እዮም። ውላድኩም ግቡእን ውሑስን ምጅማር ምእንቲ ክኾነሉ፡ ኣብቲ ዝጅምረሉ እዋን እኹል ግዜ ምውፋይ ከድልየኩም እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣብቲ እዋን ምጅማር፡ ውላድኩም ኣብ ሓጺር እዋን ንኽጅምር ንስኹም ህሉዋት ክትኮኑ ኣለኩም።


lenovo

# ውላድኩም ምውሳድን ምምጻእን

ንውላድኩም ናብ መውዓሊ-ህጻናት ባዕልኹም ከተምጽእዎን ክትወስድዎን ኣለኩም።
ነዚ ንምግባር ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ትኽእሉ፡



ብብሽክሌታ



ብኣውቶቡስ



ብእግሪ



ብመኪና

ንውላድኩም ክሳብ ውሽጢ ኣጸደ ቆልዑ ክትክተልዎ ኣለኩም። እቶም ሰራሕተኛታት ውን ውላድኩም ምምጽኡ ክፈልጡ ምእንቲ ሰላም በልዎም ኢኹም።
ውላድኩም ካብቲ ኣጸደ ቆልዑ ኣውጺእኩም ንቤትኩም ክትከዱ እንከለኹም ውን፡ ውላድኩም ምኻዱ ምእንቲ ክፈልጡ፡ ነቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ ደሓን ኩኑ በልዎም።

Børnehave_Tigrignia.indd 7 07-09-2018 13:42:09

# መዓልታዊ ህይወት ናይ ኣጸደ ህጻናት

መዓልታዊ መደባትናይቲ ኣጸደ ህጻናት ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝወቀበ እዩ።

እዚ ዝስዕብ ገለ ኣብነታት እዩ፡
- ደገ ወጺእና ንጻወት
- ፍርቂ-መዓልቲ ምስ ኮነ፡ እቶም ቆልዑ ሓጻር ናይ ድቃስ ዕረፍቲ ይወስዱ
- ዑደት ነካይድ
- ምስቶም ቆልዑ ብሓባር ኮይና ዓው ኢልና ነንብብ
- ኣብ ክፍሊ ኣጸደ ዑ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ነካይድ

ዕለታዊ ንጥፈታት ናይቲ ኣጸደ ህጻናት ዝኽተሎ ስሩዕ ቅኒት ናይ መደባት ኣሎ። እዚ ኸኣ ነቶም ህጻናት ድሕነትን ናይ ሌላ ባይታን ይፈጥረሎም። ውላድኩም እቲ ስሩዕ መዓልታዊ መደባት ከይሓልፎ ምእንቲ፡ ቅድሚ ሰዓት 9:00 ከተምጽእዎ ኣለኩም።

ካልእ ንጥፈታት:

## ክፍቲ-ሰዓታት መውዓሊ-ህጻናት

ሰኑይ – ሓሙስ

ዝኽፈተሉ ሰዓት ____________

ቀትሪ ____________

ዓርቢ

ሰኑይ ሓሙስ

ዝኽፈተሉ ሰዓት ____________

ቀትሪ ____________



# መግብን ሰዓታት ጠዓሞትን



ዓሳ



ኣሕምልቲ



ባኒ



እንቋቕሖ



ፍሩታ

ውላድኩም ናብ ኣጸደ ህንኣት ክመጽእ እንከሎ፡ ጥዑይ መግቢ ሒዙ ክመጽእ ኣለዎ። እቲ ህጻን ከይጠሚ ምእንቲ ኸኣ፡ እቲ ሒዝዎ ዝመጽእ መግቢ ንምሉእ መዓልቲ ዘጽንሖ ክኸውን ኣለዎ።

ኣብነት ናይ ብሉጽን፡ ሕውስዋስን ምሳሕ ንኣብነት፡

- ባኒ
- ኣሕምልቲ
- ዝሑል መግቢ
- ዓሳ
- ፍሩታ

ኣብ ገለ ኣጸደ ህጻናት ወርሒ ወርሒ ውሱን ዋጋ ዝኽፈሎ፡ ኣገልግሎት መግቢ ኣሎ። እዚ ከም ኣማራጺ ክትወስድዎ ትኽእሉ ኢኹም። ውላድኩም ተገልጋሊ ናይዚ መደብ-መግቢ ክኸውን ምስ እትውስኑ፡ ምርጫታት ውላድኩምን ከምኡ ውን ናይ ኣለርጂ ጸገማት ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። ውላድኩም ተጠቃሚ ናይዚ ስሩዕ ውጥን መግቢ ክኸውን ምስ እትውስኑ፡ ፍሉይ ናይ መግቢ ጠለባቱን ካልእ ጥዕናዊ ጸገማቱን ምሕባር ኣይትረስዑ።



# ምቕያር ክዳንን ኣርማድዮ ክዳንን

**ምቕያር ክዳንን ኣርማድዮ ክዳንን**

ውላድኩም ኣብ ኣጸደ ህጻናት ክውዕል ምስ ዝጀምረ ናቱ፡ ኣርማድዮ-ኽዳን ይፍለየሉ።

እዚ ዝስዕብ ክዳውንቲ ወትሩ ኣብቲ ኣርማድዮ ክህሉ ኣለዎ፡

- ክዳንን ጫማን ውላድኩም ከይጠፍእ ምእንቲ፡ ስም ውላድኩም ክትጽሕፉሉ ጽቡቕ እዩ።
- እቲ ክዳውንቲ ምስ ረስሐ ወሲድኩም ክትሓጽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ውላድኩም ምስ ኩነታት ኣየር ዝሳነ ክዳን ክደንዎ**

ብዜካዚ፡ ኩነታት ኣየር ናይ ዴንማርክ ኣብ ክፍላ-ዓመት ተመርኲሱ ተቐያያሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ከኣ፡ ንውላድኩም ምስ ኩነታት ኣየር ዝሳነ ክዳን ክደንዎ። ውላድኩም ኣብቲ እነካይዶ ናይ ግዳም ንጥፈታት ክሳተፍ ምእንቲ ናይ ግዳም ክዳውንቲ ክህልዎ ኣለዎ። ንኣርማድዮ-ኽዳን ዝምልከት ጽቡቕ ምኽሪ ኣብዚ ኣለኩም።

ንኣርማድዮ-ኽዳን ዝምልከት ጽቡቕ ምኽሪ ኣብዚ ኣለኩም።



ክልተ ኮስትሞ



ቅያር ክዳን



ካልሲ

## Worth knowing

**You can save money by buying clothes in the secondhand shops.**

# ሓጋይ፡ ጽድያ፡ ቀውዒ





ናይ ዝናብ ልብሲ
ናይ ማይ ብጎማ ዝተሰርሐ ጫማ





ናይ በረድ ልብሲ
ጫማ ቡት



ቆብዕን ጓንትን



ጫማ

**ጥሪ / የካቲት / መጋቢት / ምያዝያ / መስከረም / ጥቅምቲ / ሕዳር / ታሕሳስ**

Børnehave_Tigrignia.indd 14 07-09-2018 13:42:32

# ክራማት





ናይ ዝናብ ልብሲ
ጫማ ቡት



ረቂቕ ካብ ጸምሪ ዝተሰርሐ ጎልፎ



ባርኔጣ ጸሓይ ወይ



ሰንደል ወይ ውን ጫማ

**ጋራዲ ጸሓይ ኣብ ገዛ ክግበር ኣለዎ**

**ግንቦት / ሰነ / ሓምለ / ነሓሰ**

# ጥቡቕ ምትሕብባር ኣብ መንጎ ወለድን/ኣጸደ ህጻናትን

እቶም ሰራሕተኛታት ናይ ኣጸደ-ህጻናት ምሳኹም ወለዲ ጥቡቕ ዝርርብ ክህልዎም ይደልዩ እዮም። ንውላድኩም ዝበለጸ ናይ ምምሃር ሃዋህው ክትፈጥሩሉ ምስ እትደልዩ፡ ኣብ መንጎ ኣጸደ-ህጻናትን ገዛን ምትእስሳር ክትፈጥሩ ኣለኩም። ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ውን ብዛዕባ ኩነታት ውላድኩም ክትፈልጥዎ እትደልዩ ነገር ምስ ዝህሉ ወትሩ ምስ ሰራሕተኛታት ናይ ኣጸደ ህጻናት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።



# ውላድኩም ምስ ዝሓምም

ውላድኩም ምስ ዝሓምም፡ ክሳብ ዝሓዊ ናብ ኣጸደ-ህጻናት ክወፍር የብሉን። ብኸምዚ ከኣ፡ ውላድኩም ንኻልኦት ወማዕልቱ ዝኾኑ ህጻናት ከምዘይልክሞም ይግበር።





# ውላድኩም ናይ ቋንቋ ዓቕምታቱ ንኸማዕብል ሓግዝዎ።

ውላድኩም ናይ ቋንቋ ዓቕምታቱ ምእንቲ ከማዕብል፡ ኣብ ገዛ ብዙሕ ኣዛርብዎ። ሓጸርታ ረምታ ክትብሉን፡ ደርፊ ክትደርፉን ወይ ውን ዓው ኢልኩም ከተንብቡ ትኽእሉ። ውላድኩም ብዙሕ ቃላት ምስ ዝሰምዕ፡ ብዙሕ ቃላት ናይ ምምሃር ተኽእሎ ኣለዎ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ብዛዕባ ትርእይዎን ትሰምዕዎን ነገራት ምስ ውላድኩም ምዝርራብ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ መግቢ ክትሰርሑ እንከለኹም። ንውላድኩም በቲ እትመልክዎ ቋንቋ ተዛረብዎ። ብዛዕባ ቋንቋ ዴንማርክ ዘለዎ ተገዳስነት ንኽዓቢ ከኣ፡ ኣተባብዕዎ።

**ናይ ቋንቋ ገምጋም ኣብ ኣጸደ ህጻናት**

ኩሎም ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ወይ ውን ማእከል መዓልታዊ ክንክን ዝሳተፉ ህጻናት፡ ናይ ቋንቋ ክእለቶም ዝምልከት ገምጋም ይግበረሎም እዩ። ውላድኩም ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ምምልኡ ቀቅድሚ ስሩዕ ትምህርቲ ምጅምባሩ እዩ፡ ናይ ቋንቋ ዴንማርክ ክእለታቱ ብዝምልከት ገምጋም ዝግበረሉ። ናይ ውላድኩም ደረጃ ኣፍልጦ ቋንቋ ዴንማርክ ምስ ዕድሚኡ ዘይመጣጠን ምስ ዝኸውን፡ ናይ ቋንቋ ፍሉይ ድጋፍ ክግበረሉ እዩ።

# Mini phrase book

## Danish

Hav en god dag.

Jeg vil gerne tale med dig om mit barn.

Mit barn er syg.

Mit barn skal til tandlæge.

Mit barn skal til læge.

Jeg kommer ikke i dag

Mit barn er ked af det i dag

Mit barn har en dårlig dag.

Mit barn sov dårligt i nat.

Mit barn bliver hentet af ______________ i dag.

Tak for i dag.

Vi ses i morgen.

## English

- ብሩኽ መዓልቲ።
- ብዛዕባ ውላደይ ምሳኻ ክዛረብ ደልየ ኣለኹ።
- ውላደይ ሓሚሙ ኣሎ።
- ውላደይ ናብ ሓኪም-ስኒ ክኸይድ ኣለዎ።
- ውላደይ ትማሊ ምሸት እኹል ኣይደቀሰን።
- ሎሚ ኣይመጽእን እየ።
- ውላደይ ሎሚ ሓሪቑ ኣሎ።
- ሎሚ ውላደይ ጽቡቕ መዓልቲ ኣየሕለፈን።
- ውላደይ ትማሊ ምሸት እኹል ኣይደቀሰን።
- ንውላደይ ሎሚ______________ እዩ መጺኡ ክወስዶ።
- ንኹሉ ናይ ሎሚ ነገር የቐንየልና።
- ጽባሕ የራእየና።

**Published by:** Børn og Unge, Aarhus Kommune 2018

Børnehave_Tigrignia.indd 20 07-09-2018 13:42:42